# ረድኢ መሓሪ
# እቲ ስሱዕ ሓርግጽ

## 1 ግዜ ቁልዕነት ረድኢ መሓሪ

ረድኢ መሓሪ፡ ኣብ መወዳእታ ናይ 1940ታት ኣብ ዛግር ተወሊዱ። ብመኳሰን ማሕረስን እግሪ ተኺሉ። ዓድን ባሕርን እናበለ ዓብዩ። ክሳብ ሓምሻይ ክፍሊ ኣብ ቤት ትምህርቲ ደቐሰብ ተማሂሩ። መነባብሮ ናይ ስድራኡ ካብ ኢድ ንኣፍ ዝሓልፍ ብዘይምንባሩ ካብ ሓምሻይ ክፍሊ ንላዕሊ ኪቐጽል ኣይክኣለን። መዛንኡ እናተማህሩ ንሱ ትምህርቱ ከቋርጽን ጉዳይ መኳሰኡ ክገብርን ካብ ዛግር ናብ ፍልፍል፡ ፋጌናን ሳቡርን ብፍላይ ከኣ ኣብ መጉኦ ክወፍር ተገዲዱ። ረድኢ ከም ኩሉ ወዲ ካርነሽም ክኸውን ኣይተራእየን። ምኽንያቱ ካብ ዓዲ ባሕሪ ውዒልካ ምምላስ ልምዱም ነበረ። ረድኢ ግን ብጉስን ትጉህን ብዘይምንባሩ ብዝተፈላለየ ምኽንያት ካብ ኣሕዋቱን ደቅ ሓወቦኡን ክትረፍፍ ኣብ ርእሲኡ ከኣ በቲ ከባቢ ዝውቱር ዘይነበረ ሕማም፡ ዓሶ ሓሚመ ብምባል ባሕሪ ምውራድ ገዲፉዎ። ሓንሳብ ዓዲ ምስ ኣተወ ናብ ባሕሪ ገጹ ኣይተመልሰን። ካብ ገበላ ንውሻጠ ትሙስሙስ ክብል ጥራይ ኢዩ ተራእዩ። እዚ ዘይልሙድ ባህሪ ብደቂ ዓዲ ከጽርፎን ዓጢነ ከብሎን ኣብ ርእሲ ምኽኣሉ፡ ኣደኡን ሰይቲ ንእሽቶይ ሓወቦኡን ብእኡ ክሓማ ተራእያ። ብፍላይ ብጎረባብቲ እታ ገዝኦም ዝመጸ ሕምየት “ያእ ረድእስ መሽሚሽካ ጢሽ ኢዩ ተሪፉካ” ምስ ሰምዐ ኣደኡ ክቐጻጸርኦ ኣይክኣላን። ኣይ ትምህርቲ ቀጺሉ ኣይ ማሕረሱ ጌሩ ኩሉ ሓዲግ ኮይኑ። ነፍሰን ይምሓረን ኣደኡ ረድኢ ምስ ደቀንስትዮ ክኣሽም ከሎ ኣድጊ ጽዒነን ዕንጸይቲ ኪወፍራ ተራእየን። ግዜ ቁልዕነቱ ብኸምዚ ሓሊፉ።

## 2 ረድኢ መሓሪ፡ ቅድሚ ምስላፉ

ካርነሽም ህዝባዊ ሓይልታት ዝተወለድትሉን ዘስፋሕፍሓትሉን ከባቢ ኢዩ። ዛግር ከኣ እታ ኣድራሽ ሓፋሽ ዝተሃንጸትሉ ዓዲ ኢያ። ፍጥር ዝበለ ወዲ እቲ ከባቢ ካልእ ባህግን ድሌትን ኣይማዕብን ኢዩ። እቲ ናብ ኣስመራን ካልእ ከባቢታትን ዝዝርጋሕ ዝነበረ ናይ ሰውራ ኤርትራ ሓበሬታት ብመገዲ ምቕልቃል ምኪኤል ናብ ዛግር ዝኣትው ነበረ። መንእሰያት እዛ ዓዲ ገና ብህጻንነቶም ምስ ተጋደልቲ ህዝባዊ ሓይልታት ተላልዮምሲ ከምኦም ክኾኑ ጀመሩ። ብዘይካ ረድኢ መሓሪ እቲ ኩንታል በሊዕካ ንዓመታ ተመለስ ዝብል ቃል ዘይሰምዐ ኣይነበሮምን። ኩሎም መዛንኡ ዝተሰውኡን ዝሰንከሉን ከምኡ'ውን ኣብ ዝለዓለ ስልጣን ዘለዉ ደቂ ዓዱ ክስለፉ ከለዉ ረድኢ ክሳብ ዝድረፈሉ ኣይተበገሰን። ብኣመሉ ንሓንቲ ጎረቤቱ ስለ ዘሕሰመ ብዘይ ልቡ ድሕሪ ኩሎም መዛኑኡን ምንኣሱን ደቂ ዓዱ ክጋደል ተበጊሱ። እታ ሽዑ ዝተዓመጸት ጓል ክሳብ ሎሚ ከይተመርዓወትን ከይወለደትን ትበልዩ ኣላ።

## 3 ረድኢ መሓሪ፡ ኣብ ግዜ ገድሊ

ረድኢ ኣብ መፋርቕ 1970ታት ናብ ሜዳ ኪዕቆብ ኪወጽእ ከሎ ቅድሚኡ ዝተሰለፉ ፍሉጣት ደቂ ዛግር ከም በዓል ኳል ቀሺ የማነን ብኮማንድስን ትፍለጥ ክሳብ ደረጃ ማእከልነት ሓይሊ ዝበጽሐት ኣብ ዓዲ ዝነበሮ ባህርን ልምድን ገዲፉ ክቃለስ ከም ዝግብኦ መኺራቶ። በዚ ከኣ መወዳእታ 1974ን መጀመርያ 1975 ካብ ታዕሊም ወጺኡ። ድሕሪ ታዕሊም ናብ ዝተፈላለየ ኣሃዱ ብፍላይ ከኣ ክፍሊ ህዝቢ ምምሕዳር ገጠር ተመዲቡ።

## 4 ረድኢን ናይ ቃልሲ ህይወቱን

ገድሊ ብዙሓት ተጋደልቲ ክልውጥ ከሎ ረድኢ ምሉእ ብምሉእ ዘየተቐየረ ሰብ ኮይኑ ቀጺሉ። ሕዱር ልምዲ ሰብ ቀልጢፉ ዝቕየር ኣይኮነን። ስለዝኾነ ከኣ ነቲ ካብ ገዝኡ ሒዝዎ ናብ ሜዳ ዝኸደ ኣመል ከጉድሎን ክድጉሎን እምበር ጠቕሊሉ ክገድፎ ኣይክኣለን። ገለ ካብቲ ብዙሕ ውሑድ ተግባራቱ፡ ዝምዉና፡ ዓመጽን ስርቅን ኢዩ። ረድኢ መሓሪ ካብቶም ብዝሙት ማለት ምስ ደቀንስትዮ ተጋደልቲ ተረኺቡ ብተደጋጋሚ ዝተቐጽዐ ኢዩ። ብፍላይ ናብ ሲቪል ደቀንስትዮ ብፍላይ ከኣ ናብ ተጋደልቲ ሰብኡተን ክበጽሓ ዝመጻ ይደናደን ኔሩ። ስርቂ'ውን መዕበይኡ ነበረ።
ኩሉ ሰብ ዝፈልጦ ሓፋሽ ህዝቢ ኤርትራ ተወዲቡ ክነጥፍ ምስ ውድቡ ክነጥፍ ካብ ዝጀመረሉ ዓመታት፡ ነቲ ቃልሲ ብኹሉ መዳያት ከድግፎ ጽዒሩ። ካብ ዘለዎ ከወፍይ ተራእዩ። ዝርካባ ሓንቲ ቆቋዊት ደርሆ ትውንን ኣደ ዝወለደትላ እንቃቑሖ ኣዋህሊላ ንውድብ ክትውፊ ከላ ረድኢ መሓሪ ከኣ ካብቲ ብኸምዚ ሕልና ዝመጸ ገንዘብን እኽልን ክሰርቕ ተራእዩ። ረዲኢ መሓሪ፡ ነዚ ብኸምዚ ዝበለ ብዘስተክር ሕልና ዝተዋጽአ መባእ ሃገር ክሰርቕን ናብ ውልቃዊ መዓልኡ ከውዕልን ተራእዩ። ብኣባላት ክፍሊ ህዝቢ ሃናጺ ምኽሪ ተዋሂብዎ። ብመኣረምታ ዝሓልፍ ኣይነበረን። ዝበዝሐ ግዜኡ ብማእሰርቲ ሓለዋ ሰውራ ኣሕሊፉዎ።
መፋርቕ ሰማንያታት ረድኢ መሓሪ ናብ ምዕራብ ኢዩ ተመዲቡ። እቲ ምንቅስቓስ ካብ ክልተ ሰለስተ ተጋደልቲ ብዘይበዝሑ ኣባላት ይካየድ ኣብ ዝነበረሉ፡ ነቶም ኣብ ንግዲ ዝተዋፈሩ ሰቪል ተመሻጢሩ ኣብ ናይ ውልቁ ንግዲ ተጸሚዱ። ማሕተም ውድብ ብምሃብ ምስቶም ኣብ ላጅን ዝነጥፉ ዜጋታት ብምውሳእ፣ ንብረትን ገንዘብን ብምዝራፍ ስም ውድብን ክብሪ ተጋዳላይ ደምሲሱ። ዝግባእ መቕጻዕቲ ረኺቡ። ብኸምዚ ዛንታ ናብ መድረኽ ናጽነት ኣትዩ።

## 5 ረድኢ መሓሪ ድሕሪ ናጽነት

ረድኢ መሓሪ፡ ድሕሪ ናጽነት ማለት ካብ 1991 ንድሓር ክልተ ሰለስተ ዓመት ከም ዝኾነ ተጋዳላይ ተጸሚሙ ቃልሱ ክቕጽል ኣይከኣለን። ረድኢ መሓሪ፡ ሓሚመ ጸሚመ ክብል ተሰሚዑ። ነታ ብገዛእ ርእሱ ዝሃረማ እግሩን ስንክልና ዘይትረፈት እግሩ ከመኽንይ ተራእዩ። "ቃንዛ መውጋእቲ ኪጻወሮ ኣይክኣልኩን" ብምባል፡ ኣብ ስራሕ ክርከብ ኣይተራእየን። መሓልፎ እታ ብሓይሊ ንዝምድና ዝሓተታን እምቢ እንተኢልክኒ እዛ ቦምባ ንዓይ ወይ ንዓኺ ዝበላን ሓንቲ ኳል ሒዛ ናብ ኣስመራ ዝኣተወት መዛምዱ ተጋዳሊት ወይኒ፡ ብዓቕሊ ጸኒሓ። ረድኢ ግን ዝኾነ ተጋዳላይ ዕጥቁ ከይፈትሐን ብረቱ ከየውረደን ጆርመን ካብ እትርከብ ሓብቱ ተሰዲዱኒ ብዝብሎ ገንዘብ ናብ መታሕት ኪወርድ ተራእዩ። ብዝነበሮ ለመጭ መልሓስን ስኑፍ ዛንታን ቀልጢፉ ተጣዩሰ።

# 6 ረድኢ ኣብ ምትላል ተጋደልቲ

ናይ ረድኢ መሓሪ ናይ ዓሻ ጉርሒ ተግባራቱ ዝገርም ነገር ኢዩ። ድሕሪ ምጥያሱ ሓደ ካብቶም ኣብ ካርነሽም ብፍላይ ከኣ ኣብ ወከ ዛግር ብሓረጣ ዝተፈልጠ ሰብ ክኸውን ግዜ ኣይወሰደሉን። ሓያለ ተጋደልቲ ብፍላይ ከኣ ደቀንስትዮ ደቂ ኳንዶባ፡ ሓየሎ፡ ደቐሰብን ዓድጅንን ግዳይ ረድኢ ዝኾና ኢየን። ክሳብ 1997 ኣብ ውሽጢ ሰለስተ ዓመት ምስቲ ናይ ሓረጣ እሞ ዘይተመልሰ ገንዘብ ሓዊሱ፡ ጋሽ ባርካ ዝወሰዳ ቃጽያ ክትጠቕሞ ኣይተራእየትን። ሃጸፍ ሃጸፍ እናበለ ብዙሕ ነገራት ክምስርሕ ተራእዩ። ኣብዚ ዝሓገዞ ነገራት ስም ዓበይቲ ሰባት ምጥቃስን ምስኦም ምምሕዛውን ኢዩ።

ብፍላይ ነቶም ብጅግንነቶምን ናይ ቃልሲ መሪሕ ኣበርክቶኦም እሞ ኣብ ዝለዓለ ደረጃ ሓላፍነት ዘለዉ ብጾት ብምሓዝን ኣስማቶም እናጠቐሰ መፍትሕ ቤት ጽሕፈታት ክኸፍት ኣይተሸገረን። ብዓመጽ ከኣ ነቲ ናብ ምሉእ ጋሽ ባርካ ካብ ፋብሪካ ሜሎቲ ቢራ ዘከፋፍል ዝነበረ ዜጋ ክቃጸጾን ክምንዝዖን ተራእዩ። ጠቐሊሉ ኣሕድጎ። ብእኡ'ውን ኣይተዓግተን። ገንዘብ እናክውስኽ እቲ ዘይዓግብ ሸውሃቱ ተኸፍተ። መርኣያ ናይዚ ኣብ ስድራቤቱ ኣእተዎ።

በዓልቲ ቤቱ ተጋዳሊት ወይኒ ጓል ጎዳይፍ ኢያ። ስድራኣ ዘጽንሑላ ገዛ ማዕረ ኣሕዋታ እኳ ዝብጽሓ እንተነበረ፡ ካብ ብጽሒት ስድራኣ ውርሻ ወሲዳ ከተብቅዕ፡ ነቲ ብፍቕሪ ተወዲኡ ዝነበረ ጉዳይ ዓመጽ ብምውሳኹ ኣብታ ስድራ ዘራጊቶ ኣእተወላ። ወይኒ ምስ ኣሕዋታን ሓወቦታታን ሰላም ናይ ኣምላኽ ከም ትስእን ገበራ። ብሕልፊ ንሓወቦኣ ዝተዛረቦ ብድዐ ምሉእ ጎዳይፍ ዘሰካሓሉን ቃል ኢዩ።

"ንወይኒ ጸግዒ ዝኾና ገንዘብ እምበር ስጋይ ስጋኻ ወይ ሓወይ ሓፍተይ ምባል ኣይኮነን። ከምኡ ዘድሊ ኣይኮነን። ንስኻ ኸኣ ገለ ግበር ድሓር ዝገብረልካ ኣይትስእን ኢኻ" ስለ ዝበሎ፡ እቲ ዝቐረበ ዝሰገደ ኣቦ እንዳቡታትዮስ ከይዱ ኣሰሚዑ። ንረድኢ ኣይዓጀቦን። ኣብ ዛግር መሬት ጤሳ ብስሙ ወሲዱ ብስም ሰበይቱ'ውን ኣብ ጎዳይፍ ክደግም ምስ ሓያለ ደቂ ጎዳይፍ ኣብ ባእሲ ኣትዩ። ተዓዊቱ ኸ። ብድዐ ግን ኣየቋረጸን። ብዙሕ ኢዩ ፈጺሙ። ጓል ዘምኡ ንሓደ ተጋዳላይ መርዕያ ኔራ። ጽቡቕ ህይወትን ፍቕርን ነበሮም። ሓንቲ ጓላ ስለ ዝነበረት ኣብ ጎዳይፍ እንዳ ስድራአ ተቐመጡ። ሰለስተ ቆልዑ ወሊዶም። በቲ ፍቕሪ ዓይኑ ምኽኣል ዝኣበዮ ረድኢ ናብቲ ገዛ እናተመላለሰ ነታ ጓል ዘምኡ ክጠውያ ጀመረ። ወጻኢ ክሰደኪ ይኽእል እየ። ክሳብ መኣስ ብኸምዚ ክትነብሪ" ብምባል ኣንፈታ ኣስሓታ። ብደገ'ውን ነቲ ቅኑዕ ተጋዳላይ " ምሳኻ ሓዳር ክትገብር ኣይትኽእልን ኢያ። ንስኻ ዘለካ የብልካን። ንሕና ንነብሮን ንስኻ ትነብሮን ዘለኻ ኣይተራኸበን። ስለዚ ካብ ምስኻ ምንባር ምፍታሕ ይሕሻ" ተበዲዕሉ። በዚ ኣፋቲሕዎም። እቲ ዝርዝራት ብዙሕ ኢዩ።

## 7 ረድኢ፣ ምንጪ ገንዘብን ሃብቱን

ረድኢ፣ ምንጨ ገንዘቡ ንብዙሕ ሰብ ኢዩ ዘደናግሮ። ሃብቱ ድሕሪ ሳልሳይ ወራር ዝመጸ ኢዩ። ኣብ ሓጺር ዓመታት "ክንድኡ ገንዘብ ካበይን ብኸመይን ክውህለል ይኽእል?" ዝብል ሕቶ ንኹሉ ኢዩ ዘደንጽዎ። ካብ ተራ ናይ ክልተ ሄክታር ግራት ሓረስታይ እሞ ኸኣ ኣብ ዞባ ውግእ ዘልምዕ ንኡስን ተራን ኣውፋሪ፣ ብኣኻይሽ ገንዘብ ክሕዝ ዝረኣዩዎ ደቒ ካርነሽም ብፍላይ ከኣ ደቒ ዛግር ሰንቢዶም። ባዕሉ ብዝነዝሖ ወረ እሞ ኸኣ ዘይተራእየን ዘይተሰምዐን ዘረባ "ካሕሳ መንግስቲ" ዝብል ነበረ። ናይቲ ወያነ ኣብ ጋሽ ባርካ ዘብረሶ ንብረተይ ካብ መንግስቲ ናይ ሰለስተሚእትን ሓምሳን ሽሕ ዶላር ገንዘብ ካሕሳ ረኺበ ዝብል ወረ ነዚሑ። ብእኡ'ውን ኣይተዓግተን።

ሃብታማት ነጋዶ ከም ንዘርኣጋብር ገብረሂወት(ወናኒ ዓቢ ናይ ናውቲ ህንጻ ዘርጋሕን ሽያጥን) ወልደገብርኤል (ካብ ኢትዮጵያ ኣትሒዙ ወናኒ ሪንግ ሮድ ሞተል) ተኸለን (ወናኒ ፎቶ ዙላን ኣልባ ቢስትሮን) ከም ኣዕሩኽቱ ካብኦም ገንዘብ ክልቃሕ ከም ዝኽኣለ ተዛረበ። ኣብ ከተማ ባረንቱ እንኮ እተሕትም ዘመናዊ ቤት ስእሊ ብስም በዓልቲ ቤቱ፣ ፎቶ ወይኒ ከፈተ። እታ ምስ ተኸለ፣ ወናኒ ፎቶ ዙላ ከተወዳድሮ ዝሓሰባ ቤት ስእሊ፣ ብቓሉን ብዘርጋሕቲ ወረ ክነዝሕ ተሰምዐ። ብፍላይ ጽቡቕ ወረ ናይ ምዝርጋሕን ናይ ምልእኣኽ ዘዋፈሮም መንእሰያት ነበሩዎ። እቶም መንእሰያት ከም ፎቶ ወይኒ የለን። ኣብ ዞባ ጋሽ ባርካ ዝተሳእለ ስእሊ ክሕተም ናብ ኣስመራ ኣይወርድን ኢዩ። ብስራሕ ዓቕልና ጸቢቡና" ክብሉ ተሰምዑ። በዚ ከኣ በብቑሩብ ነቲ ብዓመጽ ዝኣከቦ ገንዘብ ከውጽኦ ተራእዩ። ብእኡ'ውን ኣየብቀዐን። ክልተ ኤነትረ ንመከፋፈሊ መስተ ቢራ ኣውጽአን። ዘይዓቕሙ ክገብርን ክሰርሕን'ውን ድሕር ኣይበለን። ካብ ወልደገብሪኤል ወናኒ ሪንግ ሮድ ሞተል ሓደ ነጥቢ ክልተ ሚልዮን ናቕፋ ወሲዱ እቲ ርብዑ ከፊልዎ። ዝተረፈ ግን ከምቲ ትምኒቱ "ኣለቃሒ ወይ ተለቃሒ ይመዉት" ዝበሎ ኮይኑሉ። ወልደገብርኤል፣ ረዳኢ ዝጥርጠረሉ ብሃንደበታዊ ሕማምን ንሕክምና ከይበጽሐን ዓሪፉ። ንበዓልቲ ቤት ወልደገብርኤል ነቲ ፍርቂ ሚልዮን ናቕፋ ብሎሚ ጽባሕ ኣታሊሉ ከይሃባ ኢዩ ካብዛ ሃገር ኣምሊጡ። ብዘይካኡ ካብ ንግዳዊ ባንክ ኤርትራ 5 ሚልዮን ናቕፋ ተለቂሑ ኣብ ጋሽ ባርካ ሓደ ዓቢ ትካል ንምኽፋት ተዳልዩ ነበረ።

## 7 ረድኢ፣ ኣብ ሕቡእ ምንዝርና

ረድኢ ካብ ግዜ ቁልዕነቱ ዝምባለ ደቀንስትዮ ዝነበሮ ሰብ ኢዩ። ድሕሪ ናጽነት ነቲ ልምዱ ብሕቡእ ክፍጽሞ ተራእዩ። ነዚ ዝፍጽምሉ መንእሰያት ተዓራሪኹ። ፈለማ ኣብ ጽምዉ ሄተል ክትግብሮ እንተፈተነ ድሓር ግን ፈለጥቱ ክርእይዎን ከይረኽብዎን ሓደ ብልሓት ኣምጺኡ። ባጽዕ ኣብቲ ብቪላ ቲራቦሎ ዝፍለጥ ገዛውቲ ደቀምሓረ ኣብቲ ሓደስቲ ገዛውቲ ክጥቀም ጀሚሩ። እቶም ነዛ ዘሳልጥሉ መንእሰያት ብዘምጽእወን ደቀንስትዮ ኢዮም ዝሓትዎ። ትሕቲ ዕድመ ኮይነን ድንግልአን ዝሓለዋ ምስ ዝኾና ዝሓተትዎ ገንዘብ ይህብ። ነዘን ቈልዑ ብመገዲ እቶም መንእሰያት ናብ ባጽዕ ወይ ደቀምሓረ ይወርዳ። ኣብቲ ዕጽው ገዛ ይቕንያ። በመገዶም ይምለሳ። ረድኢ ኣብ ትሕቲ ዕድመ ጥራይ ኣይተሓጽረን። ቆናጁ ኣንስቲ ሓዳር'ውን በቶም ዝልእኮም መንእሰያት ከራኽሰ ዝጥቅመሉ ሜላ ኔሩዎ። ዝመርጸ መዓልቲ ሰንበት ንግሆ ኢዩ። ናብ ቤተ ክርስትያን ጋቢ ተኸዲኑ ካብ ገዛ ብምውጻእ ማእከል ከተማ ኣብ ዝርከብ እንዳ ሓደ ሃብታም ዓርኩ ክሳብ ሰዓት ዓሰርተ ይዝምዉ። በይኑ ኣትዩ

በይኑ ይወጽእ። እዚ እናፈጽመ ንበዓልቲ ቤቱ ንቑረብ ንስገድ እናበለ ይሓታ። ህራይ ኣብ እትብሎ እዋን እዚ "ኣበ ነብስና ምስዚ ንግዲ ክጥዕም ኣይክእልን ኢዩ ቅሩብ ጽንሑ ኢልና" እናበለ የመኽንይ። ካልእ ክፋእን ዝምውና ናብ ፈቐዶ ኣብያተ ጽሕፈት ዝበጽሐንን ንጸሓፍቲ ከደናግር ዝጥቀመሉ ብኽቡር ጨና ኣዝማልቶ ሻምፖን ኣብ ዝርእሲ ምሃቡ፡ ቡስጣ ምሉእ ገንዘብ ብምሃብ የምዝረን። ዘመድ በዓልቲ ቤቱ ወይኒ ዝኾነት ምስ በዓል ሓድራ ኣፋቲሕዋ። ልዕሊ ኹሉ እተን ብስግረ ዶብ ዘውጽአን ቆልዑ ከየበላሸወ ኣየጽአንን። ሓደ ካብ ነጋዶ ኣስመራ ወናኒ ዓቢ ዱኳን ከተማ ኣስመራ ክሳብ እታ ናይ መወዳእታ ረድኢ ካብ ኣስመራ ዝወጻላ፡ ኣብ ዘዝረኸቦ የፈራርሖ ኔሩ።

## 8 ረድኢ ኣብ ማሪትን ኣምልኾ ጥንቆላን

ረድኢ መሓሪ ዝተወሳሰበ ባህርያት ዘለዎ ሰብ ኢዩ። እቲ ዝገርም ካብ ዝኾነ ተጋዳላይ ቀልጢፉ ናብ ባህሊ ዝተመልሰ ምኽኑ ኣይኮነን። ንረኣዩለይን ስምዑለይን ምኽንያት ብምፍጣርን ንምውድዳርን ኣብ ጸበልን ውራይን ተጸሚዱ። ብዘይካ እዚ ግን ቀትሪ ከም ሰብ ይውዕል ለይቲ ስራሕ ሰይጣን ይፍጽም። ንግሆ ቤተ ተክርስትያን ይስዕም ይጸውምን ይሰግድን። ኣራፊዱ ከኣ ናብ ፈለጥትን ጠንቆልትን ይኸይድ። እዚ ናይ መፋርቕ 1970ታት ስም ተጋዳላይ ዝሓዘ ረድኢ መሓሪ፡ ካብቶም ናብ ሃለቃ በርሀ ዓዲ ያቆብ፡ ናብ እንዳ ወዲ ሽክ ዛይድ ከረን፡ ሼኽ ኢብራሂም መትከል ኣብዮት፡ ደሃብ መንደፈራ፡ ዝተመላለሱ ሰባት ሓደ ኢዩ። ኣብኡ'ውን ኣይተሓጽረን። ዝነበሮ ማሪታዊ እምነት ካብ ልክዕ ዝሓለፈ ኢዩ። እቲ ኣብ 2006 ዝፈጸሞ ተግባር ካብቲ ብዙሕ ሓደ ኣብነት ኢዩ።

መፋርቕ ሰማንያት ኣብ ምዕራብ ተመዲቡ ይንቀሳቐስ ኣብ ዝነበረሉ ሓደ ዕላል ካብ ሓደ ፈላጥ ሰሚዑ።። ንሱ ኸኣ፡ ኣብ ግዜ ካልኣይ ኲናት ዓለም ብኢጣልያዉያን ዝተቐብረ ወርቂ ኣሎ ዝብል ቃል ሰሚዑ። ድሕሪ ናጽነትን ቁሩብ ገንዘብ ምስ ኣጠራቐመ ዳግም ናብቲ ጠንቋላይ ተመሊሱ፡ ሓቲትዎ። እቲ ፈላጥ ከኣ ከባቢ ከረን እግሪ ጥንቁልሓስ ከም ዝርከብ ሓበሮ። ካብ 1998 ኣትሒዙ ናብ ጋሽ እናኪወርድ ኣፉ ማይ ክመልእ ጀመረ። ስለዚ ከኣ ሓንቲ መዓልቲ ከውጽኦ ምኽኑ ኣይተጠራጠረን። እቲ ዝሓበሮ ጠንቋላይ ንሱ ከውጽኦ ከም ዘይክእል ግን ሱዳን ዝርከቡ ክኢላታት ነቲ እምኒ ክቐይርዎ ከም ዝኽእሉ ኣረጋገጸሉ። ስለዚ ሱዳን ብዝርከብ ዘመዱ ምስ ክልተ ጠንቋሎ ብተለፎን ተራኺበ። ብኣካል'ውን ናብ ሱዳን ከደ። ኣቐዲሙ 20 ሽሕ ዶላር ክኸፍል ተሓተተ። ቀሊጡ ሃቦም። ካብ ሱዳን ሒዝዎም ኣስመራ መጸ። እቶም ካብ ሱዳን ዘምጽኦም ጠንቋሎ ብሽም ሸኽ ማህዲ ኣሕመድን ሸኽ ኣሚር ሑሴን ኢዮም ዝፍለጡ። እቶም ሰባት ዕሽነትን ስስዐን ረድኢ ካብ ገጹ ኢዮም ተገንዚቦሞ።

ኣቐዲሙ ረድኢ መሓሪ፡ ነቲ ጎቦ ወርቂ ዘፍርስ ጉልበት ካብ ኣባላት ሓይልታት ምክልኻል ሓቲቱ። ንኣዛዚ ምዕራባዊ ግንባር ከእምኖ ብዙሕ ጽዒሩ። እንተኾነ እቲ ኣዛዚ፡ "ሰራዊትና ንውልቀ ሰብ እምኒ ዝፍንቅል ኣይኮነን። ድሕር'ዛ ሕጂ እዛ ቃል ትደግማ ክትጠፍእ ኢኻ" ስለ ዝበሎ፡ ብውሑዳት ሰራሕተኛታት መዓልቲ(ሚነዋለ) ብሕቡእ ኣውዒሉ ክልተ ኤነትረ ኣእማን ናብ ኣስመራ እንዳሓሙኡ፡ ጎዳይፍ ኣራገፎ።

ረድኢ ንምቓያር እምኒ ናብ ወርቅን ነቲ ዕዮ ንምስላጥን ጽምዉ ከባቢ ክኾነሉ ጥቓ ላዮን ሆተል ዝርከብ ዘመናዊ ቪላ ብ15 ሽሕ ናቕፋ ንወርሒ ኢዩ ተኻርዩ። እቲ ቪላ ኣዝዩ ዓቢ ኮይኑ ኣርባዕተ ክፍልታት ሰርቪስ ኣለዎ። ረድኢ ምስ ሰለስተ ደቁን ጓል

ጓሉን ከምኡ ምስ ሓንቲ ሰራሕተኛ ገዛ ሰፊርዎ። ብኽንድኡ ገንዘብ እቲ ገዛ ምክራዩ ንወይኒ ባህ ኣየበላን። “ከም ኣዕሩኽትና ክንከውን ኣለና” በላ። ንሱ ግን ነቲ እምኒ ኢዩ ወርቂ ከቐይሮ ተኺርዩዎ። ከም ሓሳቡ ከኣ ሸኽ ማህድን ሸኽ ኣሚርን ኣብታ ገዛ ኣምጺእዎም። ሰብ ከይርኣዮም ብጸላም ኣትዮም። ስድራኡ መሻርኽቲ ንግዲ ጥራይ መሰሎም ብዘይካ ወይኒ በዓልቲ ቤቱ።
ሸኽ ማህድን ሸኽ ኣሚርን ከረን ጥንቁልሓስ ተኣልዮም ኣብቲ ረድኢ ዘፍሓሮ ጉድጓድ ኣትዮም። ሓንቲ ኣብ ዓይኒ ረድኢ እትቃጸል ሶፍት ደርበዩ። ባልባል ክትብል ኣርኣዩዎ። ረድኢ ናይ 29 ሽሕ ዶላርን ዝውሰኾ ተረፍ 10 ሽሕ ዶላርን ከፊሉ ዝረኸቦ ገንዘብ ተራእዩዎ፡ ብቐጥታ ኣስመራ ኣእቲዎም። ኣብ ዝተዳለወሎም ክፍሊ ነታ ኣቐዲሞም ዝሓተትዋ ዓባይ ሳንዱቕ ምስ መፍትሕ ቀረበሎም። ገዛ ኣጸልሚቶሞ። ሽምዓ ወሊዖም። ብዓቢ መበኮርያ ዕጣን ኣህጒጎም። ንረድኢ ጸዉዕዎ። ወርቂ ኣርኣዩዎ። ረድኢ ብታሕጓስ ዓበደ። ነቲ ዝተረኸበ ወርቂ ሒዙ ናብ እንዳ ወርቂ ከምዝኖን ካራቱን ክፈልጥ ከደ። እቲ ወርቂ እምኒ ኮይኑ ጸንሐ። ምስቲ ኣብ ጎደና ሰላም ዝነበረ በዓል ወርቂ ተጻሪፉ ናብ ገዝኡ ተመልሰ። እታ ምሉእ ወርቂ ሒዛ ዝገደፋ ሳንዱቕ ጥርሓ ጸንሓቶ። “ኣበይ ኣሎ እቲ ወርቂ?” ብዝብል ሕቶ ምስቶም ጠንቐልቲ ባእሲ ፈጠረ። ንግዚኡ ኣዕገስዎ። ነቲ ወርቂ ክመልስዎ ኣሸገሮም። ከእምንዎ ዝኽእሉ ሓደ ብልሓት መሃዙ። ሓደ መሳርሒ ከም ዝረስዑን ቀልጢፎም ሱዳን ተመሊሶም ከምጽእዎ ምኻኖም ነገሩዎ። ኣይኣመኖምን። ንሓደ ካብኦም ጁሆ ሒዙ ነቲ ካልኣይ ብኣየር ናብ ሱዳን ክሰዶ ሓበሮም። እንተኾነ ብኽልቲኦም እምበር ብሓደ ከም ዘይሰልጥ ከእምንዎ ጸዓሩ። ኣይተቐበሎምን። “ክንሓስብ በይንና ግደፈና ንሕና ኮሪና ኣለና። እንተኾሪና ከኣ እቲ ስራሕ ኣይሰልጠናን ኢዩ” በልዎ። ድላዩ ክረክብ ኣባሕተዎም። እቶም ጠንቆልቲ፡ ካብቲ ገዛ ወጺኦም ተሰወሩዎ። ረድኢ ናብ ዝፈልጦ ካብ ላዕለዎት ሓለፍቲ ፖሊስ ኣመልከተ። ስእሊ ተዘርግሐ። ብሎኮታት ተዓጽዩ። ካብ ኣስመራ ከይወጹ ኣብ ትሕቲ ቀይዲ ኣተዉ። (ነዚ ሓቅታት እዚ ንምርግጋጽ መጽሔት ህዝብን ፖሊስን ቁ 22 ናይ ግንቦት 2008 ምውካስ ይክኣል። ኣብታ መጽሔት ሳንዱቕ ወርቂ ሕልሚ ዶ ጋህዲ ብዝብል ኣርእስቲ ኣብ ገጽ ሽዱሽተ ብሰፊሕ ቀሪቡ ኣሎ)

እቲ ጉዳይ ተገልቢጡ ናብኡ ከም ዝመጽእ ፈለማ ኣይሓሰበሉን። ድሓር ግን በዓልቲ ቤቱ፡ ዝነበሮ ናይ ንግዳዊ ባንክ ዕዳ ሓሙሽተ ሚልዮን ናቕፋን ካብ ዓርኩ ዝተለቅሐ ሓደ ነጥቢ ርብዒ ሚልዮን ናቕፋ ጥራይ ኣይኮነን ኣፍሪሕዋ። ምስ ኣባላት ጉምሩክ ተሰነይን ናይ ራሻይዳ ኣዕሩኽቱን ናብ ሱዳን ዘሰጋግሮም ዝነበሩ ሰባት'ውን ስለ ዝተታሕዙ በታ ዝነበረቶ ኣቐዲማ ዝተሃርመት መውጽኢ ቪዛ፡ ናብ ጀርመን ኣምለጠ። ድሕሪ ምውጽኡ ብዙሕ ጉዳያት ናብ በዓልቲ ቤቱ ተላዕለ። ትፈልጦ ከምዘይብላ ጥራይ ሓቢራ። ነቲ ኣበይ ኣእትዩዎ ዘይፈልጥ ገንዘብ ከይሓዘት ክራይ ገዛን እትዋት ናይቲ ትካሎም ከተመጣጥን ተፈርደት።
ሓዉ ረድኢ ሰብ ቀቲሉ ሰምበል ኣብ ዝነበረሉ፡ ወዲ ሓዉ ከመርዕዉ ውዒሉ ኢዩ ናብ ጀርመን ከይዱ። ስድራኡ ክራይ ገዛ ቲራቮሎ ቀልጢፎም ኣይገደፉዎን። እቲ ስእሊ ጻድቃናትን ኣማልኽትን ዝመልአ ገዛ በረውረው እናበለ ከኣ በዓልቲ ቤቱ ምስ ክልተ ደቃን ካልኣይ ሰብኣይ ጓላን ጓል ጓላን ብስግረ ዶብ ሱዳን ተራእያ። ረድኢ ኣብ ጀርመን ኮፍ ክብል ኣይመረጸን። ብድሕሪኡ ዝወጸት መጽሔት ፖሊስ ከተቕስኖ ኣይከኣለትን። ክሕባእን ዝሓሸ ናብራ ክሕልፍን ናብ ካናዳ ቀጺሉ። ፈለማ ኣብ ሓንቲ ንእሽተይ ክዮስክዮ ካብ ኣስመራ ልኣኹለይ ኢሉ ዘምጽኦ ካሴታት ስርቂ ክዝርግ

ጀሚሩ። ብቐጥታ ናብ ኤምባሲ ብምኻድ ጋዜጣ ማሕበረ ኮም ከዳልው ምወላ ሓተተ። ብቐጻሊ ከኣ ንኣምባሳደር ኣሕፈሮም ሓተቶ። ኣምባሳደር ኣሕፈሮም እዚኣን እቲኣን ከይበሎ ናብ ኣስመራ ተቐዪሩ። ረድኢ ዝበልዖን ዝሰትዮን ስኢኑ፡ ሱዳን ዝነበሩ ስድራኡ ዓቕሉ ኣጽበብሉ። ንሓያሎ ገበረሰናይ ናይ ብሓሶት ሱዳን ዝርከቡ ሰለስተ ስንኩላን ደቁ ሓገዝ ክረክብ ላዕልን ታሕትን በለ።

ሓደ ካብቶም ኣብቲ ዓዲ ነዊሕ እዋን ብምድንጋር ዝነበሩ ጸቢብ ኣመለኻኽታ ዝነበሮ ተጋዳላይ ተሓኤ ዝነበረ፡ “ንስኻ እንታይ ትኽእል? ንኣምባሳደር ዶ ጽሑፍ ገለ ትብሎ ኣይነበርካን። ስለዚ፡ ኣንጻር መንግስቲ ኤርትራ ክጽሕፍ እየ። እዚ ኣብዚ ዝነበረ ኣምባሳደር ብምፍርራሕ ሒዙኒ ጸኒሑ በል” ብምባል መገዲ ከፈተሉ። ብጥንቆላ እምኒ ናብ ወርቂ ክቕይር ዘይፈርሐ ዶ ስም ሃገርን ህዝብን ክብልል ክስከፍ” ብዝተፈጥረሉ መርበብ ምስ ስለያ ከኣ ዘይነበሮን ዘይወዓሎን ዘይሰምዖን ዘይተሰምዐን ሃጸፍ ጸፍ ኣብ ምባል ይርከብ ኣሎ። እቲ ካልእ ምስጢራቱ ከ እንታይ ይመስል? ረድኢ ብሓረጣ ዝጠለሞም ተጋደልትን ናብ ፍሉይ ቤት ፍርዲ ዘቕረብዎ ክስታትን ብስግረ ዶብ ናብ ሱዳን ኣበጊስወን ዝብሃላ ደቀንስትዮን ኣብዚ ኣተዋ ዘይበሃላ መንእሰያትን? እቶም ብመገዱ ካብ ኣስመራ ብቶዮታ ፒክ ኣፕን ናይ ማይ ቦጥን ካብ ኣስመራ ተበጊሶም ክሳብ ሕጂ ሃለዋቶም ዘይተፈልጠ ትሕቲ ዕድመ ቆልዑን ..... ኣበይ ኣበሉ?

ይቕጽል